# ሜዳ "ንግስቲ ሳባ" ኣብ በዓል ነጻነት

ብኣወልኼር ዓ/ሓፊዝ

ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ነጻ ዝወጸትሉ መበል 23 ዓመት በዓል  ኣብ ሜዳ ንግስቲ ሳባ (ኣስመራ) ምንባሩ ካብቲ ነቲ በዓል ክከታተል ዝደፈፋኣኒ ምኽንያት ክእለ ገይሩኒ'ዩ።

ኣዕንተይ ኣብ ክንዲ ነንዝሓደሰ ምርኢት ዝስዕባ፤ ናብ ካሜራ ዘበሎ ኣቅጣጫ የብላ ነይረን። ብዝድረፍ ደርፊ፤ ብዝለሃ ትልሂት፤ ብዝምደር መደረ ይኹን በተን ብኹሉ ሕብርታት ቀስተ-ደመና ጾግረንን ክዳነንን ዝተቀብኤ ብምኽንያትን ብዘይ ምኽንያትን ካብ መቀመጥኤን እናተንሰኣ ራሓዩና ዝብላ ወይዘራዝር ከይተገደስኩ ወደ ካሜራ  ቅድሚ'ቲ በዓል ምፍጻሙ የማን ጸጋም እናተጻፈዔት ንዘይረኣኹዎ ሽንኽ ናይቲ ስታድዩም ከተርእየኒ ጥራሕ'የ ዝግደስ ነይረ።

ሜዳ ንግስቲ ሳባ ኣብ 2ይ መፋርቅ 60ታት ብቀዳማዊ ሃይለስላሴ ዝተሰርሔ፤ኣብቲ እዋን'ቲ ዳርጋ ዘመናዊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ዓይነት ስታድዩም'ዩ።እንተዘይ ተጋግየ ኣስመራ ብጥልያን ዝተሰርሓ ሓንቲ ብፎሮብያ ሓንቲ ኸኣ ብቾቸሮ ዝፍለጣ ክልተ ገዳይም ስታድዩም ነይረነኣ'የን።

"ነቲ ዝረኤ ኣጓንዩ ነቲ ጎናዊ ዙረት ካሜራ ዝግደስ'ዳኣ..... " እንታይ ኮይኑ ትብሉ ትኾኑ፤እቲ ምኽንያት እዚ ዝስዕብ'ዩ፡-

ቀዳማይ ነገር ንጉስ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኲርኳሕ እናተረደኦ፤ ንኤርትራ ካብ ዝኣቱ ኣብ 4 ሓሙሽተ ዓመቱ ኣቢሉ እዚ ዝመስል ህያብ ከበርክተላ እንከሎ፤ ደቃ ካብ ዘማሓድርዋ ኸኣ 23 ዓመት ዝገበረት ሃገር ነዚ ዘመን ዝቃዶ ካልእ ስታድዩም ክትሰርሕ ዘይምኽኣላ ጥራሕ ከይኣክል ነቲ ሕድጊ ሃይለስላሴ ዝኾነ ጉዲም ዘይምምሕያሻ ገሪሙኒ'የ።

እቲ 2ይ ነገር ኸኣ፤ ናይ 3ይ 4ይ ክፍሊ ተማሃሮ ኣብ ዝነበርናሉ ዕድመ ሓደ መዓልቲ ምስ ዓ/ዋስዕ፡ ሳልሕ፡ ነጋሽ ዝተባህሉ መተዓብይተይ ነቲ ኣብታ መዓልቲ ኣብ ግዝያት ዓራርቦ ኣብ YMCA ንዝረኤ ዘየድምጽ ፍልሚ ንምርኣይ ካብ ኣኽርያ ንዕዳጋ ሓሙስ ገጽና ኣበልና

ዕዳጋ ሓሙስ ክንበጽሕ እንኮለና መብራሁቲ ሜዳ ንግስቲ ሳባ ተወሊዑ ረኤና'ሞ ነቲ  ብምድንጓይና ብስድራና ዝወርደና መቅጻዕቲ ከይዘከርና "እንድያሞ.. እንድያሞ" ኢልና ኸድና። ኣብኡ ምስ በጻሕና፤እቲ ጉዳይ መቀጸልታ ናይቲ በብ ትምህርትና ተሰሪዕና ከድና ዝረኣናዮ ኤክስፖ ኣስመራ ዝኾነ ናይ ኣውራጃታት ባህሊ/ትልሂት/ ውድድር ዝግበሮ ምሸት ምዃኑ ፈለጥና።

መእተዊ ብገንዘብ'ዩ ! ሳንቲም ከኣ የብልናን። እቲ ስታድዩም ኣብ 3'ዩ ዝኽፈል፡ 1ይ- VIP  2ይ ደረጃ(ምስ ኮፍ መበሊኡ) 3ይ ደረጃ- ደው ኢልካ ትዕዘበሉ (ዝሓሰረ)።

ኣይ ፍልሚ YMCA ኣይ ውድድር ትልሂታት ምርኣይ ክንከውን'ና ኢልና  ቀቢጽና እንኮለና ኣብ ሓለዋ ማዕጾ ዝነበሩ ሓደ ፖሊስ ንሓደ ካብቶም ኣዕሩኽተይ ኣለልዮሞ "ንዓ" ኢሎም ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብቲ ቦታ ክህሉ ከም ዘይነበሮ ገኒሖም ቁሩብ ርእዩ ከኸይድ ከምዘለዎ መኺሮም "እቶ" ምስ በልዎ ተተሓሒዝና  ከም ሓደ ሰብ ኮይና በቲ ደው እልካ ትርእየሉ ዝሕሰረ ቦታ ኣተና።

ነቲ ምርኢት ግና በቲ በዓል እንደራሴ ዝነበርሉ VIP ቦታ ኮይና ኢና ርኢናዮ!! ምኽንያቱ እቲ ን3ይ ደረጃን ንVIP ንኽፈሊ ተባሂሉ ዝተገብረ መፈላለዩ ሓጺን ከሕልፈና ይኽእል ስለ ዝነበረ፤ እቲ ደድሕሪ'ታ ካሜራ ኮለል ዘብለኒ ዝነበረ እምበኣር ነተን ቅድሚ 45 ዓመት  ተጎዝጊዘየን ናብ VIP ዝሰገርኩለን መጋረዲ ሓጺን ኣለዋን የለዋን ንምኣይ'የ።

AAHafiz (175 )29/5/2014